# ''ንኤርትራን ኢትዮጵያን ዝፈላለየ ኲናት- ''ኣየ ምጽዋዕ''!-ስርሒት ፈንቕል ብጸላኢ እንክዝንቶ ከሎ! 5ይ ስጋብ 8ይ ክፋላት



**ትርጉም ካብ ኣምሓርኛ ናብ ትግርኛ ፡ ድምጻዊ ጊደዎን በራኺ**

**ጸሓፋይን ተሓታታይን ናይዚ ቀሪቡ ዘሎ ታሪኽ፡ ሓለቃ ሚእቲ ታደሰ ቴሌ ሳልቫኖ ።**

❊❊❊❊❊❊





*******ስእሊታት ደራሲዛ መጽሓፍ ወትሃደር ሓለቓ ሓምሳ ታደሰ ቴሌ ሳልቫኖን [ጸጋማይ ስእሊ] ብሪጋዴር ጀነራል ተሾመ ተሰማን [የማናይ ስእሊ] ……………………***

- *** ሓጺር መብርሂ፡ **‘‘ኤርትራን ከኢትዮጵያ የነጠለ ጦርነት፣ ኣይ ምጽዋ‘‘** ብትግርኛ ድማ **“ኤርትራ ካብ ኢትዮጵያ ዝፈለየ ኲናት፣ ኣየ ምጽዋዕ‘‘** ዝተባህለት መጽሓፍ ደራሲኣ **ሓለቓ ሓምሳ ታደሰ ቴሌ ሳልቫኖ** ይበሃል። እዚ ናይ ቀደም ኣባል ደርጋዊ ኢትዮጵያዊ ወትሃደር ነበር፣ **ብጀጋኑ ሰራዊት ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ [ህ.ግ.ሓ.ኤ]** ብ ‘‘**ስርሒት ፈንቕል**‘‘ ዝብል ስም ኣንጻር

ባዕዳዊን መግዛእታዊን ወራሪ ስርዓት ኢትዮጵያ ዝተኻየደ ሃንደበታውን በርቃውን መጥቃዕቲ፣ ክጅመር ኣትሒዙ ስጋብ ብዓወት **ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ [ህ.ሰ.ሓ.ኤ]** ዝዛዘም፣ ካብቲ ውግእ ዝተረፉ ንሱ ደሚርካ ኣሽሓት ምሩኻትን ዝኾኑሉ ዝነበረ ኩነታት ብናቱ ትዕዝብቲ ኣብዛ ዝተጠቕሰት መጽሓፍ ሰኒዱዎ ኣሎ። እዛ ጽዋ [ዛንታ] መጽሓፍ እዚ'እ ኣብ ክሊ ብሪጋዴር ጀነራል ተሾመ ተሰማን ኣብ ላዕለዎት መራሕቲ ሰራዊት ኢትዮጵያን ውትሃደራቶምን ዝነበረ ናይ ኩናት ሃዋህውን ሕንፍሽፍሽን ብፍላይ ከምኡውን ብወገን **ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ [ህ.ሰ.ሓ.ኤ]** ኣብ ብጽኑዕ ተሃዲሙ ዝነበረ ወትሃደራዊ ዕርድታት ጸላኢ ዝካየድ ዝነበረ ሃንደበታውን በርቃውን መጥቃዕቲ ድማ ብሓፈሻ፣ ብዝርዝር ገሊጹዎ ኣሎ።

**ብሪጋዴር ጀነራል ተሾመ ተሰማ** [የማናይ ስእሊ ኣብ ላዕሊ ተመልከት]፣ እቲ ንሰላማዊ **ህዝቢ ባጽዕ ጅሆ** ሒዙ ኣብ ሞንጉኦም ተሓቢኡ ስጋብ መጨረሽታ ዝተዋግኣን ጠንቂ ዘየድሊ መስዋእትን ህልቀት ህዝብን ወትሃደራትን ዕንወት ወደባዊት ባጽዕ ዝኾነን ኣብ መወዳእታ ድማ ብኻላሽኑ ነብሰ-ቅትለት ዝፈጸመን ኣረሜናዊ ሰብ እዩ። በወገን ኢትዮጵያውያን ከም ባህላዊ ርድኢቶም ከም **ሃጸይ ተዎድሮስ [ናይ ቀደም ስሙ ራስ ካሳ]** ጀግና ኢሎም ይሰምይዎ እዮም። ብወገነይ ክምኡውን ብዓለማውን ብሰብኣዊን ትዕዝብቲ ግን፣ ለባማት ኣቦታትና ከምኡ ምስ ረኣዩ **ኣድግሲ መሬት ብድሕረይ ዳንዴር ኣትብቑላ በለት'**' ክብሉ ዝመሰሉዎ፣ ሰብኣዊ ርሕራሔ ዘይብሉ ጨካን ሰብ ኢለ ይገልጾ። በቲ ሓደ ወገን ብወትሃደራዊ ዓይኒ፣ ኣብ ሰላማዊ ህዝቢ ዘይነበሮ ቃልዕ ይኹን በረኻ ጎበታትን ከምኡ'ውን ጎላጉል ኣንጻር ጸላኢኡ እናተዋግኤን ከም ሓላፊ እናዋግኤን ምስ ዘይሰልጦ ማለት ኣብ ኢድ ተጻይ ናይ ምውዳቕ ወይ ምምራኽ ሓደጋ ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ከምኡ እንተዝገብር ኔሩ፣ ኣነ'ውን ብዘይቀልዓለም ካበየናይ ወገን ብዘየገድስ ጅግና ምበልኩዎ ኔረ። ከምኡ ግን ኣይነበረን።

ሓያሎይ ክፋላት ናይ'ዚ ትረኻ'ዚ ካብ ገጽ-መጽሓፍ ክዓቑሮ ቀንየ እየ። ኣብ'ዚ ብዙሕ ኽቡር መስዋእትን መውጋእትን ዝተኸፍለሉ ከቢድ ሰብኣውን ስነ-ኣእምሮኣውን ነገራውን ዕንወት ዝተኸሰተሉን ብድምር ናቱ ድማ መበል 26 ዓመታት ክቡር ነጻነትና ከነኽብሮ እንዳለወሉ ኣብ ዘሎና ሃዋህው፣ ንመዘኻኸሪ ካብቲ ዓቕሪዮ ዘሎኹ ጽሑፋት ንኸተምብብዎ ምእንታን ብድምር ክፋላት መዓልታዊ ክሰደሉም እየ።ሰናይ ንባብ!!!

**ጽባቐ ትሽዓተ ብሄራትና※※※※※※※※※ሕላገት ጽኑዕ ኤርትራዊ ሓድነትና!!!**

**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና፣ ክብሪ ድማ ንጀጋኑ ናይ ሓርነታዊ ኩናት ስንኩላን ብጻትና!!!**

**ሞሳን ክብርን ነቶም ደኺምና ሕጅስ ከነዕርፍ ከይበሉ ከይተሓለሉ ስጋብ ሎሚን ቀጻልን ብጽንዓት ሃገር ኣብ ምሕላውን ምህናጽን ምምዕባልን ዝቃለሱን ዘቃልሱን ዝሰርሑን ዘሎዉ ኤርትራውያን ኣሕዋትናን ኣሓትናን!!!**

**ዓወት ንሓፋሽ!!!**

*****ሓውኹም ብርሃነ ሃብተማርያም [ጸሓፊ-ናይ'ዚ ሓጺር መብርሂ]**




Photo courtesy www.egroups.com/group/recognition

- ድሕሪ እቲ ሬድዮ ርክብ ጄነራል ተሾመ ምስ ጄነራል ሑሴን ምዝዛሙ ሒደት ደቓይቕ፡ ክልተ ነፈርቲ ኩናት ሚግ 21'ን ሚግ 23'ን ዝባሃላ ስርሓት ራሻ፡ ካብ ወተሃደራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ነቒለን ኣብቲ ሻዕብያ ተቖጻጺርዎ ዝነበረ ቦታ ደብደባ። ኣብታ ህሞት እቲኣ በቲ ካልእ ሸነኽ ድማ ክልተ ተዋጋእቲ ሄሊኮፕተራት ብሑጓ (ብድሕሪት) ለጠቕ ኢለን በሪረን ብከበድትን ፎኮስቲን በንባታት ደብዲበን ን'ሻዕብያ ከበድቲ ክሳራታት ኣሸከምኦ።

እቲ ኣንበሳ ሰማይ ሓይሊ ኣየር ኣብዮታዊት ኢትዮጵያ፣ ኣብቲ ጸዋግ ሰዓት ተስፋ ኣልቦ ዝኾነ እዋን ንብረት ሻዕብያ ኣባሪዑ ባና ዓወት ኣማዕዲና ንኽንርኢ ብርሃን ፈጢሩልና ኢዩ። እቲ ጅግና ኣንበሳ ሰማይ ሓይሊ ኣየርና ኣብታ ህሞት እቲኣ ንጄነራል ተሾመ ዘዕግብ ዓወት ኣመዝጊቡ ኢዩ።

እንደገና ድሕሪ ሒደት ደቃይቕ ናይ እዚ ፍጻሜ፡ ኣርባዕተ ነፈርቲ ኩናት ተስሪዔን ተር- ኢለን መጺአን፡ ኣብ ልዕሌና ድሕሪ ምዝንባይ ቀጥታ ናብቲ ሻዕብያ ተቆጻጺርዎ ዝነበረ ቦታ በሪረን

ከም ሕሱም ደብደባ። እቲ ኣዝዩ ብዙሕ ከቢድን ፎኪስን ቦምባታት ነፈርቲ ኩናት ኣብ ዝባኑ ዝዘነቦ መሬት፡ ሓድሽ እሳተ ጎመራ ዝነቶጎሉ ስፍራ መሰለ።

ኣብታ ህሞት እቲኣ ኣዛዚ እንዳ 29(29ኛ)ዘርኣይ ደረስ ሜካናይዝድ ብርጌድ ዝነበረ መኮንን ደርጊ ምስ ጄነራል ተሾመ ተሰማ ብዉሽጣዊ ናይ ምስጢር መስመር ወተሃደራዊ ሬድዮ ተራኺቡ፡ ሓደ ብስራት ኣበሰሮም። እቲ ሽዑ ዘበሰሮም ብስራት ልቦም ኣተርኪሱ ፡ መንፈሶም ኣዔጊሱ ፡ ሞራሎም አሐዲሱ ፡ ፍሽክ'ሽክ ክብሉ ኣኽኢልዎም ኔሩ ኢዩ።

ዋላ እኳ እቶም ጄነራል ከም ሓደ ዓቢ ሚዛን ዓቅሚ ቶኽሲ ጸላኢ ዝቅይር ብስራት ዝተበሰሩ፡ ነጸብራቕ ዉሽጣዊ ናይ ሓጎስ ስምዒቶም ኣብ ገጾም እንበብ እንተበረ፣ ግን ኣነ ሕጂ ግደ ሓቂ ክዛረብ፡ እቲ ሽዑ ዝሰምዕዎ ብስራት ተራ ብስራት ዓወት ኣብ ዝኾነ ዓውደ ኩናት ትረክቦ ዓወት ኢዩ ኔሩ።

እቲ ሽዑ ዝሰምዕዎ ብስራት ተጸሚቁ እንክቀርብ ከሎ። ከምዚ ዝስዕብ እንበብ።

እቲ ኣዛዚ ዘርኣይ ደረስ መካናይዝድ ብርጌድ፡ ብክሻፋ (ሚኒኮሎ) ኣብ ማዕዶ ብደብዳብ በንባታት ነፈርቲ ሓይሊ ኣየር ኣብዮታዊት ኢትዮጵያ፡ ብዙሓት ታንክታት ሻዕብያ ተባሪዔን ``ቓል-ቓል`` ክብላ እርኢ ከም ዘሎ ዝሕብር ተራ ወተሃደራዊ ጸብጻብ ኢዩ ኔሩ።

እቶም ጄነራል ልክዕ ከም ሓደ ሰብ ኣብ ድቕድቕ ጸልማት በዓቲ ኣትዩ፡ መዉጽኢ በሪ ንግዳም ስኢኑ። ሓርቢትዎ ተጨኒቑ ቀልባዕባዕ እንዳ በለ ከሎ። ኣብቲ ንየው. . .ኣብ ሩሑቕ ስግር ማዕዶ። ሓንቲ ጭልምልም ትብል ብርሃን ሽምዓ ሪኡ። እታ ብርሃን ሽምዓ ድማ ብርሃን ጨራ ጽሓይ መሲላቶ። ደጊም ሕጂ ኣብ ጥቓ እታ መውጽኢት በሪ ንግዳም ቀሪበ ኢየ ኢሉ።ልቡ ብተስፋ ተመሊኡ እቲ ዝስምዖ ስምዒት ሓጎስ፥ ስምዒት እፎይታ፥ እዚ ዓይነቱ ስምዒት ስለ ዝተሰምዖም፡ ፍሽኽ-ፍሽኽ እናበሉ፡ ነቲ ኣዛዚ እንዳ 29 ዘርኣይ ደረስ ሜካናይዝድ ብርጌድ ኩሉ ዓቕሙ ኣኪቡን ወዲቡን ብቕጽበት ጸረ-መጥቃዕቲ ክገብር ኣዘዝዎ። ሻዕብያ ሕጂ ብደብዳብ መዳፍዕ ነፈርቲ ኩናት ተሳናቢዱን ተዳኺሙን ስለ ዘሎ።ኣንታ ኣንበሳ ሕጂ ኢካ ንሻዕብያ ትዕወተሉ። እቶም ክረድእኩም ዝመጹ ዘለዉ ኣብዮታዊ ሰራዊትና ከኣ ኣብ ጋሕቴላይ በጺሖም ኣለዉ።ኢሎም ኣበራቲዖም ክኸትት ኣፋነዉዎ።

እቲ ኣዛዚ ብርጌድ እዉን ብግዲኡ ነቶም እሱ ዝመርሖም ኣዘዝቲ ብሬድዮ ረኺቡ፡ ብላዕለዎት ሓለፍቲ ጽጹይ መዕናዕቲ ተጌሩ ጸረ-መጥቃዕቲ ክግበር ትእዛዝ ተዋሂቡ ስለ ዘሎ። ኩሉ ዘለኩም ዓቕሚ ሰብን ንብረትን ሒዝኩም ኣጥቅዑ።እቲ ክረድኣኩም ዝመጽእ ዘሎ ጅግና ኣብዮታዊ ሰራዊት ከኣ ቀሪቡ ኢዩ ክጽንበረኩም። ኣጆኹም ኣበርቲዑኩም ተዋግኡ። ዓወት ወትሩ ናትና ኢዩ። ኢሉ ኣጸናኒዑ እቲ ትእዛዝ ናብቶም ኣብ ትሕቲኡ ዝርከቡ ሓለፍቲ ኣመሓላለፎ።

❋❋❋❋❋

እንዳ 29(ኛ) ዘርኣይ ደረስ ሜካናይዝድ ብርጌድ። ድሕሪ ሒደት ሰዓታት ኩሉ ናይ ሰብን ንብረትን ዓቅሙ ጠርኒፉ ጸረ-መጥቃዕቲ ገበረ። ሻዕብያ ኣብ ክንዲ ዝኸላከል ዕርድታቱ ጠንጢኑ ንድሕሪት ስለ ዝሃደመ፡ እቶም ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊት ሞራሎም ሰማይ ዓረጉ፡ እግሪ እግሪ ሻዕብያ እንዳ ሰዓቡ ሓደ 3 ኪሎ ሜተር ንቕድሚት መረሹ።

እቲ መክንያት መህደሚ ሻዕብያ ሓይሊ ቶኽሲ ኣብዮታዊ ሰራዊት ስለ ዝሓየለ ዘይኮነስ፡ ሻዕብያ ንኣብዮታዊ ሰራዊትና ኣብቲ ዝጥዕሞ መቅተሊ ቦታ ወሲዱ፡ ኣብ መጻወድያኡ ኣእትዩ ክቅርስሞ ሃቂኑ ዝተጠቀመሉ ወተሃደራዊ ሜላ ስለ ዝነበረ፡ እቲ ኹነታት ብቕጽበት ብሉ ንብሉ ኢዩ ተገማጢሉ። ኣብዮታዊ ሰራዊት ተሃዳኒ ሻዕብያ ከኣ ሃዳኒ ኮይኑ። ሻዕብያ ብድሕሪት፣ ብቕድሚት፣ ብጎኒ መጥቃዕቲ ከፊቱ ንኣብዮታዊ ሰራዊትና ትንፋሱ ኣምሎቖ።

እቲ ኣዛዚ እንዳ 29 ዘርኣይ ደረስ ሜካናይዝድ ብርጌድ እዚ ኩነታት ምስ ተዓዘበ ቀልጢፉ ምስ ጄነራል ተሾመ ተሰማ ብወተሃደራዊ ሬድዮ ርክብ ተራኸበ።

እቲ ኣዛዚ ብርጌድ 29 “እዚ ኩናት’ዚ ካብ ዓቕምና ንላዕሊ ኢዩ ’’ ኢሉ ዘረብኡ ጀመረ ትንፋሱ እንዳ ተቆራረጸ። ኣስዕቡ ድማ “ ኩነታት ተገማጢሉ ኢዩ። ሻዕብያ ኣጥቃዒ ኣብዮታዊ ሰራዊትና ተጠቃዒ ኢዩ ኮይኑ ዘሎ። ሻዕብያ ተጻዊትሉና ኢዩ ለብዘበን። እሱ ዝፈርሔ ተመሲሉ ንድሕሪት እንክሃድም ወዳጄ ኣብዮታዊ ሰራዊትና ድማ “ላዕለዋይ ኢድ ሒዘ ኣለኹ ” ኢሉ ደድሕሪኡ እንክግስግስ። ሻዕብያ ዳግማይ ዉዳቤ ከይገበረ እንከሕቖቆ ወጢኑ። ኣብ ዓንኬል መጻወድያ ወተሃደራዊ ታክቲክ ሻዕብያ ኣትዩ ከም ሕሱም እጭፍጨፍ ኣሎ።

ስለ ከምዚ ዝኾነ ድማ ኣነ ኣብዛ እዋን እዚኣ ኣብዮታዊ ሰራዊትናን ሻዕብያን ተደባሊቖም ኩናት ኢድ-ብኢድ ገጢሞም ስለ ዘለዉ። መን’ዮም ብጾትናን ወንበዴታትን ክፈልየሉ ኣብ ዘይኽእለሉ ደረጃ ኢየ በጺሔ ዘለኹ።

እቲ ርክብ ሬድዮ ምስቶም ታሕተዎት ኣዘዝቲ ጦር-ሰራዊትና ተበቲኹ ኢዩ። ኣነ ነቶም ሰራዊትና ከወሃህዶምን ዳግማይ ክዉድቦም ኣይካኣልኩን። እቶም ኣባላት መሪሕነት ብርጌድና ተበታቲኖም ኢዮም።ኣነ እዉን ብጸላኢ ተኸቢበ ኢየ ዘለኩ። ሓንቲ ተሪፋትኒ ዘላ ምርጫ ሻዕብያ ገና እንከይ ማረኸኒ ከሎ፡ ጥይት ሰትየ ጋሕ ክብል ኢዩ። እዚ ድማ ብንቕሓት ክፍጽሞ ተዳልየ ኣለኹ። ኣነን እስኹምን ድሕሪ ደጊም ኣይክንራኸብን ኢና። ዕድለኛ ኮይነ ገለ መጽሎቂ ጨዳድ እንተ ረኺበ ክወጽእ ክፍትን ኢየ። እዚ ዕድል’ዚ እንተ ዘይረኪበ ግን ሂወተይ ብገዛእ ኣእዳወይ ከሕልፋ ኢየ። ኣነ በጭራሽ ኢደይ ንሻዕብያ ኣይህብን ኢየ ’’ በልዎም።

እቶም ጄነራል እዚ ምስ ሰምዑ እታ ረጊጾማ ዝነበሩ መሬት ዝጠለመቶም ኮይኑ ኢዩ ተሰሚዕዎም። እቲ ምድረ ሰማይ ብርሃን እንከሎ ንዕኦም ጸልማት ኮይኑ ኢዩ ተራኢዎም። እቶም ጄነራል ተስፋ ቆሪጾም፡ እዝኖም ደርብዮም፡ ኣብ ዉሽጢ ሓደ ዓሚቕ ባሕሪ ስምዒት ሓዘን ጠሊቖም ምስ ነብሶም እናዕለሉ እንከለዉ፡ ሃንደበት ብርቱዕ ድሃይ ቦምባ ናይተን

ሽዱሽተ ነፈርቲ ኲናት ኣብዮታዊት ኢትዮጵያ ስለዝተሰምዐ፡ ናብቲ ህልው ኩነታት መለሰም።

ኣነ ዳሕራይ ሓቲተ ዝረኸብክዎ ሓበሬታ። ጄነራል ሑሴን ''ኣብዮታዊ ሰራዊትናን ሻዕብያን ኩናት ኢድ-ብኢድ ገጢሞም፡ መን ወገን! መን ጸላኢ! ክንፈልየሉ ኣብ ዘይንኽእል ደረጃ ስለ ዘለና። ሻዕብያን ኣብዮታዊ ሰራዊትናን ኣሕቢርኩም ደብድብዎም ” ኢሎም ንኣብዮታዊ ሓይሊ ኣየር ትእዛዝ ከም ዝሃብዎም ኢየ ሰሚዔ። ልክዕ ከም ሓደ ዝጨነቆ መርዓዊ ጥንስቲ ዝምርያ።

※※※※※

ሻዕብያ እዉን ኢዱ ኣጣሚሩ እዕዘብ ኣይነበረን። ብገምጋም ንሓንቲ ነፋሪት ኣርባዕተ ጸረ-ነፈርቲ መድፍዕ ጥይት እትኩስ ኔሩ። እቲ ሓቂ እዚ ይኹን እምበር እቶም መራሕቲ ነፈርቲ ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ደፋራት ስለ ዝነበሩ ኣይተድሃሉን። ስለ ከምዚ ዝነበረ ከኣ ጀነራል ተሾመ እቲ መጥቃዕቲ ነፈርቲ ገለ ናይ ሚዛን ለዉጢ ኣብቲ ወተሃደራዊ ቅልስ ከምጽእ እንተኽኣለ ተተስፍዮም። እቲ ሓቁ ክፈልጡ ብሬድዮ ምስ ኣዛዚ እቲ ብርጌድ እንዳ 29(ኛ) ዘርኣይ ደረስ ተራኸቡ። እቲ መልሲ ኣዛዚ ብርጌድ ግን ከምቲ ዝተተስፈውዎ ኣይነበረን።

እቲ ኣዛዚ በርጌድ “ ኣዝዩ ዝገርም ኢዩ። ኣነ ተቆጢዔን ሓዚነን ኢየ ዘለኹ። እቲ ዝበዝሔ ቦንባ ነፈርቲ ኲናት ኣብ ዝባን ኣብዮታዊ ሰራዊትና ኢዩ ዘኒቡ። ስለዚ ድማ ብዙሓት ተሰዊኦሙና ኣለዉ። እንታይ በዲልና ኢና ብናይ ገዛእ ርእስና ነፈርቲ ኲናት ዝተደብደብና ! ኣንቱም ጎይታይ። ” ኢሉ። ስምዒቱ ኽቆጻጸር ስለ ዘይኽኣለ እቲ ኣዛዚ በርጌድ፡ ከም ቖልዓ ፌቕ-ፌቕ ኢሉ በኸየ።

እቶም ጄነራል እዚ ልቢ ዝሰብር ዘረባ ምስ ሰምዑ። እታ ኣብ እምባር ኢዶም ተኣሲራ ዝነበረት ሰዓት ረኣይዋ። ልክዕ ሰዓት 01:00 ድሕሪ ቐትሪ ኮይኑ ኔሩ።

“ ኣጆኻ ጎበዝ። እስካ'ኮ ኣንበሳ ዓዉደ-ኲናት ኢኻ። በጃካ ሞራልካ ኣይተዉድቕ። ኣነ ንምንታይ ዒላማ ኢሉ ኢየ እሞ ንብጾትና ብነፈርቲ-ኲናት ናትና ከደብድቦም ! ” ኢሎም ንሕቶኡ ብሕቶ መሊሰም። ኣስዒቦም “ሕጂ እስኻ ኣብ ከመይ ኩነታት ኢኻ ትርከብ ዘለካ ! ” ኢሎም ተመሊሶም ሓተትዎ።

እቲ ኣዛዚ እንዳ 29 “ ሻዕብያ ኣብቲ ዝመረጾ መጻወድያ በታ ኣእትዩ ስለ ዘጥቅዓና። ከቢድ ማህሰይቲ ኢዩ ወሪዱና ዘሎ። ለብዘበን ዓቅሚ ቶኽሲ ሻዕብያ ልዕሊ ዓቅምና ስለ ዝኾነ ኣብ ምዝላቕ ኢና ንርከብ። እቶም ዝነበሩኒ ኣብዮታዊ ሰራዊት መብዝሕትኦም ተሰዊኦም ኢዮም። እቶም ዝተረፉኒ ሒደት ሒዘ ፈንጢሰ ካብ ''ከበባ'' ሻዕብያ ወጽየ ንድሕሪት ተንቀሳቒሰ ኣለኹ። ጎይታይ ይቕሬታ ግበሩለይ። እቲ ኣጋጢሙ ዘሎ ኩነታት ዘሕዝን ኢዩ ” በለ። እቲ ቃና ድሃይ ኣዛዚ በርጌድ፡ ተረቢሹ ከም ዘሎ ብግልጺ ኢዩ ዝሕብር ኔሩ።

እቶም ጄነራል ተሾመ ተሰማ ኣብ መስመር ምስቲ ኣዛዚ እንዳ 29(ኛ) ከለዉ፡ ሓደ ተደራቢ ጻውዒት ሬድዮ መጽኦም። እቲ ተደራቢ ጻውዒት መስመር ሬድዮ ናይ ጄነራል ጥላሁን ክፍሌ ኢዩ ኔሩ።

ጄነራል ጥላሁን “ መዓልካ ተሾመ ! ኣበይ ኢኻ ዘለካ ! ” በሉ። ጀነራል ተሾመ “ ጎይታይ። ናይ ደሓን ዲኹም ደኣ ደሃይ ኣጥፊእኩም! ትማሊ ለይቲ ደዊለ ክረኽበኩም ኣይከኣልኩን። ሕጂ ግን ቐጥታ ሕቶኹም ክምልስ። ኣነ ካብ ጋሕቴላይ ናብ ግንባር ሶለሙና ኣብ ዝወስድ ጽርግያ፡ ንዉሽጢ ሓደ ሽዉዓተ ኪሎ-ሜትር ኣትየ፡ ኣብ ሓደ ቦታ ኣለኹ። እስኹም ኸ ኣበይ ኢኹም ዘለኹም ! ” ኢሎም ኣብ ዘረብኦም ምዝዛሙ ብጊድኦም ሓደ ሕቶ ኣቕረቡ ።

ጄነራል ጥላሁን “ኣነ ብትእዛዝ ጄነራል ሑሴን። እዚ ኩናት ክመርሖ ኣብ ከተማ ምጽዋዕ ወሪደ ኣብቲ መአዘዚ ስፍራ ፎርቶ ናትካ ኮይነ ኢየ ዝዛረበካ ዘለኹ። ስለዚ ከኣ ካብ እዛ ሰዓት እዚኣ ንንየው ርክብካ ብቐጥታ ምሳይ ኢዩ። ተረዲእካኒ’ዶ ኣለካ ተሾመ ! ” ኢሎም መለስሎም።

ጄነራል ተሾመ ዋላ-እኳ “ እወ ተረዲኡኒ ኣሎ ጎይታይ ” እንተበልዎም። ግን ብዉሽጦም ሕርኽርኽ ከም ዝበሎም ኣብ ገጾም እንበብ ኔሩ።

ጄነራል ጥላሁን ኣስዒቦም “ ህልው ኩነታት ኩናት እንታይ ይመስል ! ዓቕሚ ቶኽሲ ሻዕብያ ዝግምግም ሓበሬታ ኸ ኣለካ’ዶ ! ” ኢሎም ተወከሱ።

እዘን ሕቶታት እዚኤን ንጀነራል ተሾመ ሕማም ደሓር-ሕርሲ ኢየን ኮይነ’ንኦም። ግን ናይ ግድን ክምልሱ ስለ ዘለዎም ጸር-ጸር እንዳ በሉ “ሻዕብያ ኣብ ርእሲ ኣብዮታዊ ሰራዊትና መጥቃዕቲ ጌሩ፡ ከቢድ ክሳራ ኣዉሪዱ ኣሎ። ስለ ከምዚ ዝኾነ ከኣ ኣብዮታዊ ሰራዊትና ተበታቲኑ ናብ ጋሕቴላይ ገጹ እስጉም ኣሎ። እቶም ኣባላት ዝተፈላለዩ ክፍለ ሰራዊት ኣብዮታዊ ሰራዊትና ተደባሊቖም ይጓዓዙ ስለ ዘለው ከወሃህዶምን ክዉድቦምን ኣይከኣልኩን ዘለኹ። ንሻዕብያ ገጥ ኣቢሎም ሒዘሞም ዝነበሩ እንዳ 29(ኛ) ዘርኣይ ደረስ ሜካናይዝድ ብርጌድ ጥራሕ ኢዮም ኔሮም። እሶም እዉን ሻዕብያ ብኹሊቶምን ብድሕሪኦምን ብጎኖምን ስለ ዘጥቅዖም ሕጂ ተዳኺሞም ኢዮም ዘለዉ። እተን ነፈርቲ ኩናትና ድማ ብጌጋ ቦንባታተን ኣብ ዝባን እንዳ 29 ኣብዮታዊ ሰራዊትና እየን ኣዝኒበንኦ ’’ በልዎም።

ጄነራል ተሾመ ተሰማ እዚ ጸብጻብ ምስ ሃቡ። ኣስዒቦም “ግን ንምንታይ ኢዮም ጄነራል ሑሴን መብጽዓ’ኦም ዘየተግበርዎ። እንዳ 18 ኣብዮታዊ ተራራ ክፍለ-ጦር ሰራዊት ክረድእኩም ክመጹ ኢዮም ኢሎሙኒ እንዶ ኣይነበሩን ! ኣበይ ደኣ ኣለዉ ! ” ኢሎም ኣንጸርጺሮም ሓተቱ።

ይቕጽል........




- እቶም ጄነራል ጥላሁን ``ክልተ ብርጌዳት ካብ 3ይ ሜካናይዝድ ብርጌድ ክረድኡካ እመጹ ኣለዉ።ድሮ እዉን ጋሕቴላይ በጺሖም እዮም። ድሕሪ ቁሩብ ደቓይቕ ክጽንበሩካ እዮም። ኣጆካ በርትዕ ተሾመ `` በልዎም ንጄነራል ተሾመ ተሰማ።

ጄነራል ተሾመ ብሕርቃን ከምዚ’ሎም መለስሎም ``ክልተ ብርጌዳት ሒደት ኢየን። እንተ ወሓደ፡ እንተ ወሓደ ኣርባዕትኤን ብርጌዳት 3ይ ሜካናይዝድ ብርጌድ ክልኣከለይ ይግባእ። ግን እዚ እንተ ዘይተጌሩ እቲ ቐንዲ መራኸቢ መስመር ጸሊም ጽርግያ ኣስመራ-ባጽዕ ኣብ ጋሕቴላይ ዝርከብ፡ጎሮሮ 2ይ ኣብዮታዊ ሰራዊትና። ኣብ ኢድ ቑጽጽር ጸላኢ ክእቱ ዓቢ ተኽእሎ ኣሎ። `` ኢሎም ስግኣቶም ንላዕለዋይ ሓላፊኦም ሓበሩ።

እቶም 3ይ ሜካናይዝድ ክፍለ ጦር ሰራዊት ኣብዮታዊት ኢትዮጵያ፡ ኣብ ከተማ ምጽዋዕ ኣብ ከባቢ ገርጉሱም ወተሃደራዊ ልምምድ ክገብሩ ዝቐነዩ።ቀዳማይ ሓላፊኦም ብርጋዴር ጄነራል ዓሊ ሓጂ ኣብዱላህ ዝባሃሉ ኮይኖም። እቲ ምኽትል ሓላፊኦም ድማ ኮሌኔል በላይ ኣስጨናቂ ዝበሃሉ መኮንናት ደርጊ ኢዮም ኔሮም።

ብሓቂ ከኣ ከምቲ ጄነራል ተሾመ ዝኣመትዎ ኮነ።

ሻዕብያ ኣብታ ዕለት እቲኣ ኣብ ጋሕቴላይ ሰፊሕ ወትሃደራዊ መጥቃዕቲ ገበረ። እቶም ድሕሪ መስመር ጸላኢ’ኦም ሽሊኮም ኣትዮም...ንእንዳ ከቢድ ብረት ሻዕብያ ሓበሬታ መዕልቦ መዳፍዕ ቦንባታቶም ዝህቡ ዝነበሩ ኣባላት ስለያ ሻዕብያ።

ነቶም ክረድኡና ዝመጹ ክልተ ብርጌዳት ኣብዮታዊት ኢትዮጵያ ስለ ዝረኣይዎም፡ እቲ ሓበሬታ ድማ ናብ ሓለፍቶም ስለ ዘመሓላለፉ። ኣብ ታሪኽ ኩናት ምስ ሻዕብያ ተራእዩ ዘይፈልጥ ብዝሒ መዳፍዕን ጠያይትን ከቢድ ብረት `` ቢ-ኤም `` ሻዕብያ ኣብ ዝባነን ኣዝነበ።

ስለ ከምዚ ዝኮነ ከኣ እተን ክልተ ናይ 3ይ ሜካናይዝድ ኣብዮታዊ ሰራዊትና ገና ኣብ መገዲ ከለዋ ኣደዳ መስዋእትን መውጋእትን ኮና።

እዚ ኩነታት`ዚ ከምዚ ኢሉ ከሎ። ኣብ 01 ለካቲት 1990 ዓም ፈረንጂ ልክዕ ሰዓት 02 ድሕሪ ቐትሪ፡ እተን ክልተ ብርጌዳት ካብ ጋሕቴላይ ናብ ግንባር ሶሎሙና ብእግረን ክምርሻ ጀነራል ተሾመ ተሰማ ኣዘዝወን።

ሻዕብያ ከኣ ኣብታ ግዜ እቲኣ እቲ ጎሮሮ ናይ ካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊትና ጸሊም ጽርግያ መስመር ኣስመራ-ባጽዕ ክቆጻጸሮ 10 ኪሎ ሜትር ጥራይ ተሪፍዎ ነበረ። እዚ ሓበሬታ`ዚ ካብ ወተሃደራዊ ርክብ ሬድዮ ሻዕብያ ተጠሊፉ ዝተረኽበ ሓበሬታ ኢዩ።

ጀነራል ተሾመ እዚ ሓበሬታ`ዚ ካብ ኦፕሬተር ሬድዮ ወገንና (ደርጊ) ምስ ሰምዑ። ኣዝዮም ስለ ዝተቐጥዑን ዝሰንበዱን ኣዕንቶም ኣዕንቲ ነብሪ መሰለ።

ስለዚ’ዮም ከኣ ዝኾኑ መስለኒ ነቲ ሓበሬታ ዝሃበ ኦፕሬተር ሬድዮ ኣብዮታዊ ሰራዊትና፥

``ናይ ሻዕብያ ምስጢር ብቐሊል ኣይርከብን ኢዩ። እዚ ሓበሬታ እዚ ከመይ ጌርካ ክትረክቦ ክኢልካ! ``ኢሎም ‘ብዘሕምቆ ኣለኒ፡በትረይ ኣቆቡሎኒ’ ዝዓይነቱ። ነቲ ኦፕሬተር ወተሃደራዊ ሬድዮ ዘፋጠጥሉ።

እቲ ኦፕሬተር ሬድዮ ኣዝዩ ሰንቢዱ ``ጎይታይ ሓቅኩም ኢኩም። ኦፕሬተራት ወትሃደራዊ ሬድዮ ሻዕብያ ብኣሃዛዊ(ብቑጽሪ) ኮድ ኢዮም መልእኽቶም ዘመሓላልፉ። ስለዚ ምስጢር ክትረክብ ኣሸጋሪ ኢዩ። ኣነ ግን እዚ ሓበሬታ`ዚ እቶም መራሕቲ ሰራዊት ነንሓድሕዶም ብቋንቋ ትግርኛ ከዕልሉ ከለዉ ካብ ዝሰማዕክዎ ሓበሬታ ኢዩ `` በሎም።

ጀነራል ተሾመ ተሰማ በቲ መልሲ እቲ ኦፕሬተር ስለ ዝዓገቡ፡ ብኡ ንብኡ ምስ ጀነራል ጥላሁን ብዉሽጣዊ ርክብ ወተሃደራዊ ሬድዮ ተራኸቡ። “ ሻዕብያ 10 ኺሎ ሜትር ተሪፉኒ ጽርግያ ኣሰመራ-ባጽዕ ክቆጻጸር እብል ኣሎ። ’’ ኢሎም ነቶም ናይ ቀረባ ሓላፊኦም ጀነራል ሓበርዎም።

ጀነራል ጥላሁን። እቲ ብእዝኖም ዝሰምዕዎ ዝነበሩ ዝርዝር ጸብጻብ ህልው ኣብ ባይታ ዘሎ ኩነታት፡ ክኣምንዎን ክቕበልዎን ኣይደለዩን።

``ብተኣምር 'ዉን እንተኮነ። ሻዕብያ ጽርግያ መስመር ኣስመራ-ባጽዕ ክቖጻጸሮ ኣይክእልን ኢዩ። እዚ መደናገሪ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ኢዩ። ወዮ! እዚ ንፈልጦ ሻዕብያ 'ሲ! እዚ ኹሉ ሽሾ ኣብዮታዊ ሰራዊትና ደምሲሱ መስመር ኣስመራ-ባጽዕ ክቖጻጸሮ!? ዘይሕሰብን ዘይካኣልን ኮንቶ ፈተነ ሕልሚ ሻዕብያ ኢዩ`` በሉ ።በቲ ሓቅነት እቲ ተረኺቡ ዝነበረ ሓበሬታ ተጠራጢሮም።

ስለዚ እቲ ርክብ ሬድዮ ብዘይ ፍሬ ተዛዘመ።

❊❊❊❊❊

እቶም ክልተ በርጌድ ናብ ግንባር ሶሎሙና ብእግሮም ዝተጓዓዙ ኣብዮታዊ ሰራዊት፡ ካብ ጋሕቴላይ ሓደ ሸሞንተ ኪሎ ሜተር ምስ ተጓዕዙ ምስ ኣዛዚ እንዳ 29 ዘርኣይ ደረስ ሜካናይዝድ ብርጌድ መኮንን ተራኸቡ።

እቲ ኣዛዚ ሜካናይዝድ ብርጌድ ዘርኣይ ደረስ መኮንን ደርጊ። " ኣነ ለማናይ ከይሓርእ ከሎ፡ ካብቲ ጋሕጋሕ ምድሪ ኣትሒዘ ስጋብ ሕጇ ገና ኣብ ምኽልካል ኢየ ዝርከብ ዘለኹ። እቶም ዝበዝሑ ኣባላት ሰራዊተይ ስለ ዝተሰዉኡን ዝቖሰሉን ዋሕዲ ዓቅሚ ሰብን ብረትን ኣለኒ '' ኢሉ መደረኡ ጀመረ።

ኣስዒቡ ከኣ '' ሻዕብያ ለብዘበን! ዘለዎን ዘይብሉን ዓቅሚ ሰብን ብረትን ካብ ሳሕል ጠርኒፉ መጽዩ ሓደጋ ወዲቁና ኣሎ " በለ።

እቲ ኣዛዚ መግለጺኡ ክዛዝም ከሎ ድማ ''እዚ መጥቃዕቲ'ዚ እቲ ንባንዴራናን ንህዝብናን ዝኣተናሉ መብጽዓ ነተግብረሉን፡ እቲ ካብ ህዝብናን ኣብዮታዊት ኢትዮጵያ ሃገርናን ዝተቀበልናዮ ሕድሪ ንፍጽመሉ ጽቡቅ ኣጋጣሚ ኢዩ። ስለዚ ንኽብሪ ሃገርናን ህዝብናን ክንዕቅብ ንመስዋእቲ ድልዋት ክንከዉን ይግባእ። '' ምስ በለ። ምስ ትሕዝቶ መልእኽቲ መደሩኡ ዝመዛዘን ጣቕዒት ካብ እቶም ጦር-ሰራዊት ተሰምዔ።

❊❊❊❊❊

ድሕሪ እዚ ኹሉ፣ እተን ክልተ ብርጌዳት ኣካል 3ይ ሜካናይዝድ ብርጌድ ክፍለ-ጦር ኣብዮታዊ ሰራዊትና፡ ረዳእቲ ሓይልታት ብቐጥታ ኢየን ምስ ሻዕብያ ኩናት ገጢመን። እቲ ኣዛዚ እንዳ 29 ዘርኣይ ደረስ ሜካናይዝድ ብርጌድ ድማ ብቐጥታ እቲ ጸብጻብ ኩናት ናብ ጀነራል ተሰማ የመሓላልፎ ነበረ።

ኣብቲ መጀመርያ ጸብጻብ ዘቅረቦ እቶም ረዳእቲ ሓይልታት ክልተ ብርጌዳት ኣካል 3ይ ብርጌድ ሜካናይዝድ ክፍለ-ጦር ኣብዮታዊት ኢትዮጵያ ዝሰለጦም ይመስሉ ነበሩ።

ሻዕብያ እቲ እንዳ 29 ዘርኣይ ደረስ ሜካናይዝድ ብርጌድ ከሕቕቕ ዝተጠቐመሉ ሜላ’ዩ ደጊሙ።

ሻዕብያ ከምቲ ኣመሉ ኣዝሊቑ።

እቲ ወዳጄ ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊት፡ ከምዚ ኣብ ታሕቲ ዝንበብ ትሕዝቶኡ ካብ ቛንቛ ኣምሓርኛ ናብ ቛንቛ ትግርኛ እንክትርጎም ገጢሙ። ኣብቲ ልሙድ ናይ ክተት ባህላዊ ዜማታት ኢትዮጵያ ሶኹዑ እንዳ ፈከረ። ሆ…እንዳ በለ ንኲናት ወፈረ።

> በሎ…በሎ…በሎ…፥
> ቅጥቅጥ ኣብሉ በሎ፥
> ሓዞ…ሓዞ…ከይትሓድጎ ፥
> እዚ ተገንጻላይ ወንበዴ ሓዞ ፥
> እዚ ሽፍታ ተገንጻላይ ወንበዴ ፥
> ሕሪ-ሕራይ ጌርካ ቅጽዓዮ ከም ’ቲ ተለምደ፥
> ካብ ትማል ዝገደደ ፥
> ስጋብ ዝብል ተጋግየ’የ ኔረ ዘመዴ፥
> በጃኺ መሓርኒ ዓባይ ኢትዮጵያ ኣዴ።

ሻዕብያ ሓደ ኪሎ ሜተር ዝኸዉን ንድሕሪት ሃደመ። ድሕሪ ሓደ ኪሎ ሜተር ግን ኩነታት ተቐያየረ። ሻዕብያ ብጸጋምን የማንን፥ ብቕድሚትን ድሕሪትን ኣጥቕዔ።

ድሐሪ እዚ ፍጻሜ እቶም ክልተ ብርጌዳት ግድን ኮይኑዎም ንድሕሪት ከዝልቁ ተገደዱ። ኣብዘ እዋን እዚኣ ኣቕዲሙ ሻዕብያ ብድሕሪኦም ካብ ሓሙሽተ ሚእቲ ዘይውሕዱ ወንበዴታት ኣሱሊኹ ኣብ ድሕሪ መስመር ኣእትዩ ስለ ዝነበረ። ኣብቶም ኽልተ ወፋሮ ኣብዮታዊ ሰራዊት ብድሕሪትን ኹሊትን ቆራጺ መጥቃዕቲ ጌሩ። ኣብ ክልትኤን ብርጌዳት ሰፍ ዘይብል ክሳራታት ኣመዝገበ።

ኣብ ናይ 40፡00 ደቓይቕ ዘይመልእ ኲናት፡ እተን ክልተ ብርጌዳት እቲ ኩነታት ንጄነራል ተሾመ ሓቢረን ከዝልቓ እኮ ፈቲነን እንተነበራ።ሻዕብያ ተወሰኽቲ ረዳእቲ ሓይልታት ታንክታትን ዘበናዊ ጸረ-ነፈርትን ዝዓጠቓ ኣሰሊፉ፡ ነቲ ኣብዮታዊ ሰራዊት መላሲ ኣውያት ዘይብሉ ሙሉእ ብሙሉእ ደምሰሶ።

❊❊❊❊❊

እቶም ጄነራል ተሾመ ነቲ ኲናት እንዳ መርሑን እንዳ ኣዝለቑን፡ እቲ ርዝነት መጥቃዕታዊ ኲናት ሻዕብያ ብኣካል ዝተዓዘቡ። እቲ ክብደት ሚዛን’ቲ ኲናት መዚኖም። ተስፋ ቆሪጾም ናብ ከተማ ምጽዋዕ ክኸዱ ወሰኑ።

ኣብ ጉዕዞ’ኦም ናብ ከተማ ምጽዋዕ፡ ኣብቲ ደንደስ ጸሊም ጽርግያ ኣስመራ-ባጽዕ ጋሕቴላይ ምስ በጽሑ። ኣዕንቶም እንዳ ረኣየ ከሎ ኣእምሮኦም ክኣምኖ ዘይክእል ትሪኢት ረኣዩ። ተካል ትሪኢት።

ኣብ ፈቖዶ እቲ ደንደስ(ማርቻበዲ) ጸሊም ጽርግያ ጋሕቴላይ መስመር ኣስመራ-ምጽዋዕ ። ብጾትና ወተሃደራት ኣብዮታዊ ሰራዊት ከቢድ መውጋእቲ ዘለዎም ረዳኢ ሲእኖም ክሳቐዩ ረኣዩ። እቶም ጄነራል ኣብታ ህሞት እቲኣ ወላ-ሓንቲ ክገብሩ ዓቅሚ ከም ዘይብሎም ብኣጋኡ ዝተረዱእዎ ኢዮም ዝመስሉ ኔሮም። ስለዚ ከኣ እዮም መስለኒ....ነቲ መራሒ መኪናኦም ብዝተኻእለ ቕልጣፌ ካብቲ በታ ከርሕቆም ዝኣዘዝዎ።

※※※※※

እቲ ሻዕብያ መጥቃዕቲ ኣብ ግንባር ሰሎሞና ዝጀመሮ ኣየዕረፈን። በቲ ዝጀመሮ ቕልጣፈ ኢዩ ቀጺሉ። ስለዚ ከኣ ሻዕብያ ልክዕ ሰዓት 04:00 ድሕሪ ቐትሪ ኣብ ዕለት 01 ለካቲት 1990 ዓመተ ምሕረት ብ’ኣቆጻጽራ ፈረንጂ። እቲ ጸሊም ጽርግያ ጋሕቴላይ መስመር ባጽዕ-ኣስመራ ጎሮሮ ካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊትና ዝነበረ መስመር፡ ንሓንሳእን ንሓዋሩን ተቆጻጸሮ።

ድሕሪ እዚ ዕዉት ፍጻሜ መጥቃዕቲ ናይ ሻዕብያ። እቲ ሻድሻይ ነበልባል ኣብዮታዊ ክፍለ ሰራዊትና ኣብ ክልተ ኢዩ ተኸፊሉ። ተካል ዉህብቶ። ተካል ኣጋጣሚ’ዩ ጸላኢና እፈላለይ።

እቲ ዝበዝሔ ክፋል ኣብዮታዊ ሰራዊትና ናብ ሸነኽ ከተማ ምጽዋዕ ዝወስድ ጸሊም ጽርግያ ሒዙ ሃደመ። እቲ ሒደት ክፋል ድማ ናብ ሸነኽ ከተማ ኣስመራ ዝወስድ ጸሊም ጽርግያ ሒዙ ሃደመ።

ሻዕብያ እግሪ እግሪ እቲ ዝሃድም ዝነበረ ኣብዮታዊ ሰራዊትና ናብ ሸነኽ መገዲ ኣስመራ ስዒቡ ኣብ ግንባር ደንገሎ ኣጥቅዔ።

ደንገሎ። ሓንቲ ንእሽተይ ዓዲ ክንሳ ደንገሎ ላዕላይን ደንገሎ ታሕታይን ተባሂላ ኣብ ክልተ ዝተከፋፈለት ንእሽቶ ዓዲ ኢያ። እቶም ኣመሓደርቲ ሻለቃታት ናይቲ ብርጌድ 112 ከኣ ኣብኣ ኢዮም ዝነብሩ ኔሮም።

ይቕጽል......

※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※




- ጄነራል ተሾመ ነቲ ኩነታት ናይ ኩናት ብሬድዮ እንዳ ተኸታተሉ ጋሕቴላይ ሓሊፎም ዶግዓሊ በጽሑ። ዶግዓሊ ብግምት ሓደ 25 ኪሎ ሜተር ካብ ከተማ ምጽዋዕ ሪሒቓ፡ ኣብ ደንደስ እቲ ጸሊም ጽርግያ መስመር ኣስመራ ምጽዋዕ እትርከብ ስፍራ ኢያ። ኣብ ዶግዓሊ ሓደ ዘበናዊ ካብን ናብን ዘሰጋግር ሰብ ዝሰርሖ ድልድል፡ ኣብ ርእሲ ሓደ ዛራዪ ወሓዚ ሩባ ስፍሓቱ ብግምት ክልተ ሚእቲ ሜትሮ ዝኸዉን ኣሎ።

ዶግዓሊ፣ ኣብ 24 ጥሪ 1982 ዓመተ ምሕረት ፈረንጂ ንዝኽሪ ''ራስ ኣሉላ ኣባነጋ '' ኣብ ወራሪ ፋሽሽቲ ኢጣልያ ዘመዝገቦ ዓወት ዝክሪ ክኸዉን ኣብ ደንደስ እቲ ወሓዚ ዝተተኽለ ሓወልቲ፡ እቲ ናይ ሽዑ ኣቦወንበር ኣብዮታዊት ኢትዮጵያ ዝነበረ ብጻይ ''መንግስቱ ሃይለማርያም'' መጽዩ ዝመረቓ። ኣዝያ ታሪኻዊት ስፍራ ኢያ።

እቲ ዘሕዝን ግን ዶግዓሊ ወናኒት እዚ ረዚን ታሪኽ ኮይና ከተብቅዕ ኣብ ዝባና ዝተደኮነ ዓዲ ይኹን ተወላዶ ( ነበርቲ ) የብላን።

ጀነራል ተሾመ ኣብቲ ንዝኽሪ ኣሉላ ኣባነጋ ሓወልቲ ዝተጨርሐ ኣብ ብርኽ ዝበለ ቦታ ደይቦም፡ ምስ ጀነራል ጥላሁን ብሬድዮ ተራኸቡ።ድሕሪ እቲ ልሙድ ሰላምታ ምልውዋጥም። ጄነራል ተሾመ ብቓና ሕርቃን “ ንምንታይ ኢካ ርክብ ምሳይ ኣቃሪጽካ! ” ኢሎም ተቛጢዖም ሓተቱዎም። ጄነራል ጥላሁን ስምዒቶም ተቆጻጺሮም ሃዲኦም “ጄነራል ሑሴን ኣብ ምጽዋዕ ወሪዶም ኣለዉ። ኣብ ሓይሊ ባሕሪ መደብ (ቤዝ) ኣኬባ ስለዝገበሩልና። ኣቡኡ ስለ ዝከድኩ'የ ጠፊኤካ ጸኒሔ '' ኢሎም መለስሎም።

ጀነራል ተሾመ ኣብ ሕቶን መልስን ግዜ ከባኽኑን ከጥፉኡን ኣይደለዩን። ስለዚ ብቐጥታ እዚ ሓበሬታ ኣመሓላለፉ። ማለት እቲ መስመር ኣስመራ ባጽዕ ጸሊም ጽርግያ ኣብ ጋሕቴላይ ዝርከብ ሻዕብያ ከም ዝተቆጻጸሮ። ከሙኡ እዉን እቲ ጸሊም ጽርግያ ሒዙ ስጋብ ሰባርጎማ( ሰባርጎማ እቲ ማይ-ጋዝ ዝቕድሓሉ ፈልፋሊ ጽሩይ ማይ ቦታ ኢዩ።) ኣብ ኢድ ቁጽጽር ሻዕብያ ወዲቁ ከም ዘሎን፣ ኣብ ርእሲ እዚ እዉን ሻዕብያ ኣብ ደንጎሎን ጊንዳዕን ኣጋር ሰራዊት ኣሰሊፉ ብከቢድ ብረት ዝተዓጀበ መጥቃዕቲ እንብር ከምዘሎን፣ እቲ ናይቲ እዋን እዋናዊ ጸብጻብ ኩናት ንላዕለዋይ ሓላፊኦም ሃቡ።

እዚ ጸብጻብ ጀነራል ጥላሁን ምስ ሰምዑ " ተሾመ ሕጂ' ንስካ ኣበይ ኢካ ዘለኻ! '' ኢሎም ሓተትዎም። እቲ ድሃዮም ዉሽጡም ተረቢሹ ከም ዘሎ ንሰማዒ ግርም ጌሩ ኢዩ ዝሕብር ኔሩ። ጀነራል ተሾመ " ኣነ ሕጂ ኣብ ዶግዓሊ በጺሔ ኣለኹ። ብቕጽበት ናብ ምጽዋዕ ክመጽእ ኢየ። ድሕሪ ቁሩብ ደቓይቕ ክንራከብ ኢና። '' በልዎም።

እዚ ሬድዮ ርክብ ምስ ኣኽተመ። እቶም ጀነራል ነቲ መራሒ መኪና ብፍጥነት ናብ ከተማ ምጽዋዕ ከብጽሖም ኣዘዝዎ።መራሒ መኪና'ኦም ድማ ብመሰረት እቲ ዝተዋህቦ ትእዛዝ ከም ንፋስ እንዳ ተሓንበበ ኣብ ፍርቂ ሰዓት ዘይመልእ ግዜ፣ ኣብቲ ኣብ ጥቓ ከተማ ምጽዋዕ ዘሎ "ፎርቶ" መአዘዚ ቦትኦም ከተፍ ኣበሎም።

ጀነራል ጥላሁን ኣቡኡ ንጀነራል ተሾመ ዂዱም ኢሎም ጸንሕዎም። እቶም ክልተ ጀነራላት ዋላ እኳ ከምቲ ልሙድ ሰላምታ ናይ እግዝኣብሄር እንተ ተለዋወጡ፡ ንሓደ ኣተኪሩ ዘስተብሃለ ሰብ ፡ ክልቲኦም ጀነራላት ሕድሕድ ከምዘይከባበሩን፣ ከም ዝነዓዓቁን ግልጺ ኢዩ ኔሩ።

ጀነራል ጥላሁን ከምስሉ ዋላ እኳ ካብ ክሳድ ንላዕሊ ፍሽኽ ኢሎም እንተ ተቀበልዎም። ኣብ ገጽ ጀነራል ተሾመ ግን ዉሽጣዊ ቑጠዐኦ'ኦም ይንበብ ስለ ዝነበረ ጀነራል ጥላሁን ነቲ ነገር ከህድኡ " በል ሕጂ ኣብ ቤት ጽሕፈትካ ኬድና በዚ መጥቃዕቲ ከፊትልና ዘሎ ሻዕብያ ዘቲና ሓደ ስጉምቲ ንዉሰድ" በሉ።

ጄንራል ተሾመ ግን እቲ ዘረብኦም ብኣንጻሩ ኣዝዩ ስለ ዘቆጥዖም " ንምንታይ ሕጂ ንዘቲ ትብለኒ ኣለኻ! ኣነ እኮ ትማሊ ምሸት ሰዓት ዓሰርተ ካብ ድቃስ ምስ ተበራበርኩ ስጋብ ሕጂ ኣይደቀስኩን ዘለኩ። ሕጂ እኮ ፍርቒ መዓልቲ ኢዩ ኮይኑ ዘሎ። ን18 ሰዓታት ዝኣክል እኮ ኢየ ጠጠዉ ኢለ ዘለኹ ከይደቀስኩ ሕጂ ንእሽቶ ኽድቅስ ኣሎኒ። '' በልዎም እንዳ ኣንጸርጸሩ።ብትዕቢት ሓዘል ኣዘራርባ።

እቶም ጀኔራል ጥላሁን ነቲ ሓሳብ ጠቅላላ ኣይተቀበልዎን። ስለዚ ከኣ ከምዚ በሉ “ ሕጂ ንጨቓጨቕሉ ግዜ ኣይኮነን። ሓቢርና ዘቲና እዚ ዓጢቁ መጺኡና ዘሎ ወንበዴ ብከመይ ከም ንምክቶ ንዛተየሉ ግዜ ኢዩ ” ዝብል ጽኑዕ ትእዛዝ ስለ ዝሃቡዎም። ክልቲኦም ጄነራላት ዝራከብሉ ሰዓት ፈልዮም(ተቛጺሮም) ኣብ መመኪን’ኦም ተጻዒኖም ተጓዕዙ።

ጄነራል ተሾመ ተሰማ ድሕሪ ዓሰርተ ደቓይቕ ኣብቲ ስፍራ ቀንዲ ቤት ጽሕፈት ሻድሻይ ነበልባል ክፍለ ሰራዊት መሪሕነት እቲ ክፍለ ሰራዊት በጽሑ። ኣብቲ ቤት ጽሕፈቶም ምስ ኣተው ነቲ ቀዳማይ ሓላፊ ኽተት(ዘመቻ)ናይቲ ክፍለ-ጦር መኮነን ኣጸዊያም ኣዘራረብዎ።

እቲ መንእሰይ መኮነን ተጸዊዑ ኣብ ቤት-ጽሕፈቶም ምስ ኣተወ ከምቲ ልሙድ ወተሃደራዊ ሰላምታ ኣቕሪቡ ንትእዛዝ ሓላፊኡ ነብሱ ኣዳለወ።

እቶም ጄነራል ጽዉግ ኢሎም “ ሻዕብያ ምጽዋዕ ከይደፍራ። እንታይ ‘ዉጥን ምክልኻል’ ተዳልዩ ኣሎ ! ” ኢሎም ተወከስዎ።

እቲ ሻምበል፡ “ እቶም ኩሎም ሰራዊትና ንኩናት ተዳልዮም መጥቃዕቲ ሻዕብያ ብሃንቀውታ እንዳ ተጸበይዎ ኢዮም። ማለት እቶም ታንከኛታትን፡ መድፍዓጅታትን፡ መጥቃዕቲ ኣየር መካናይዝድ ሻለቃታትን፡ እንዳ 505 ብርጌድ ጦር ደባይ ኣጥቃዕን፡ ኣብቲ ጸላኢ ክኣትወሉ ተባሂሉ ዝጥርጠር ክሳድ ቦታ ዓሪዶም፡ ብረቶም የዐሚሮም ምምጻእ ጸላኢ ብሃንቀውታ ኢዮም ዝጽበዩ ዘለዉ።እቶም ብርጌድ ሜካናይዝድ ከቢድ ብረትና እዉን እኹል ጠያይት መዳፍዕ ዓጢቆም፡ ንምትኳስ ድሉዋት ኢዮም ዘለዉ። እቲ ኣጋር ሰራዊትና እዉን ነብሲ ወከፍ ወትሃደር ካብ 400 ሚእቲ ጠያይቲ ዘይዉሕድ ጠያይቲ ዓጢቑ። ኣብ ርእሲ’ዚ ድማ ሰ’ሰለስተ ቦምባ ኢድ ዓጢቁ ኣሎ። ንመሐለውታ መተካእታ ጠያይቲ ዝከዉን እኹል ጠያይቲ ንነብሲ ወከፈን ክፍልታት ሰራዊትና ተዋሂብወን ኣሎ ” በሎም ንጄነራል ተሾመ።

እቶም ጄነራል ተሾመ፡ እቲ ኣብ ግንባር ሶሎሞናን ጋሕቴላይን ሻዕብያ ዘውረዶሎም ክሳራታት ሕነ ክፈድዩ ኣዝዮም ብሂጎም ስለ ዝነበሩ። እቲ ኣጋጢሙ ዘሎ መጥቃዕታዊ ኩናት ንምምካት ሓደ ሓሳብ ኣብ ኣእምርኦም ብልጭ ስለ ዝበሎም። ከም ገለ እንተ ተመሰለሎም ኢሎም....

“ ስማዕ ሻምበል ወንድወሰን’’ በሉ። ኣስዒቦም ድማ “ስለ ምንታይ ኢና ንሕና ዕርድና ሒዝና፡ ስጋብ ሻዕብያ ኣብ ኣፍንጫና ተጸጊዑ ዘጥቅዓና ንጽበዮ ዘለና ! ኣብ ጎልጎል ሜዳ ዶግዓሊ ኣቓዲምና ኬድና፡ ፊት-ንፊት ዘይንገጥሞ ! ኣብ ኣቀዲምና ዝሃነጽናዮ ጽኑዕ ዕርዲ ጥራሕ እምነትና እንተ ኮይኑ እሞ ብላሽ ኢዩ። ካን ሞይትና ኢና በለኒ።ሻዕብያ እቲ

ንምካሓሉ ዝነበርና ኣዝዩ ጽኑዕ ዕርዲ ግንባር ሶሎሙና እዉን እንተ ኾነ ኣፍሪስዎ ኢዩ። እዚ ስለ ዝኾነ እቲ ሓቂ ከኣ ኣብዛ እዋን እዚኣ፡ እቲ ጸሊም ጽርግያ መስመር ኣስመራን ባጽዕን ዘራኽብ ኣብ 'ጋሕቴላይ' ዝርከብ፡ ኣብ ኢድ ቁጽጽሩ ኣእትዩዎ ኣሎ። ስለዚ ኣነ እእዝዘካ ኣለኹ። እቲ ንሻዕብያ ሰርኒቕዎ ዘሎ ጵጋብ፡ ኣብ ጎልጎል ዶግዓሊ ገጢምና 'ተሸሸ' ኣቢልና ከነንፍሶ ከም ዘለና። " በሉ ጄነራል ተሾመ።

እቲ ሻምበል "እሺ ጎይታይ። እቲ ትእዛዝኩም ተቀቢለዮ ኣለኹ። ንኹላተን ክፍልታት ክንቀሳቐሳ ትእዛዝኩም ከመሓላልፈለን ኢየ " ኢሉ። እቲ ግቡእ ወተሃደራዊ ሰላምታ ሂቡ ተሰናበቶም።

እቶም ጄነራል ንቤቶም ከይዶም ክድቅሱ መዲቦም ካብ ወንበሮም ብድድ ክብሉን፡ እቲ ሓላፊ መሪሕነት ሻለቃ 'ፈይሳ' ዝባሃል ወትሃደር ሸበድበድ እንዳ በለ ኣብ ቤት-ጽሕፈቶም ክኣቱ ሓደ ኮነ። ስለዚ እቶም ጄነራል ተመሊሶም ኮፍ ኢሎም ክሰምዑዎ ተገደዱ።

ሓለቃ ፈይሳ " ጎይታይ ብጣዕሚ ዘሕዝን ወረ ኢየ ሒዘልኩም መጽየ ዘለኩ። ሻዕብያ መአዘዚ 112 ብርጌድ መሪሕነት ደምሲሱ ዶንጎሎ ተቆጻጺርዋ ኣሎ " ኢሉ ኣርድኦም።

እቶም ጄነራል ሰንበዱ። " መዓስ ኢዩ ! ተ..ቆ..ጻ..ጺርዋ ! " ኢሎም ባእባእ እንዳ በሉ ሓተትዎ።

እቲ ሓለቓ ፈይሳ " ሻዕብያ ልክዕ ፋዱስን ፈረቓን ኢዩ ዶንጎሎ ተቆጻጺርዋ። ንዓይ ግን ሕጂ ኢዩ፡ እቲ መልእኽቲ ብወተሃደራዊ ሬድዮ ርክብ ተሓቢሩኒ። ብመሰረት እቲ በጺሑኒ ዘሎ ሓበሬታ ክዛረብ እንተ ኮይነ፡ እቲ ኣዛዚ እቲ በርጌድን ገለ ሒደት ኣባላቱን 'ዉጻእ-መዓት' ንጊንዳዕ ሓሊፎም ኣብቲ ኣብ እምባትካላ ዓሪዱ ዘሎ ሰራዊትና ተጸንቢሮም ኣለዉ። ጊንዳዕ ሓሙሽተ ኪሎ ሜተር ካብ ዶንጎሎ ሪሒቓ ስለ ትርከብ። ጊንዳዕ እዉን ኣብ ኢድ ቁጽጽር ሻዕብያ ዝኣተወት ኮይኑ ኢዩ ዝስምዓኒ ዘሎ ጎይታይ! " በለ። ደሃይ'ቲ ሓለቓ ፈይሳ ኣብ ዉሽጡ ፍርሓትን ራዕድን ከም ዘለዎ ይሕብር ነበረ።

ጄነራል ተሾመ እንተኾኑ እዉን ስንባዴኦም ገና ኣይዘሓለን ዘሎ። እቶም ጄነራል ደጋጊሞም ትንፋሶም ኣዕሚቆም ስሒቦም ድሕሪ ምትንፋሶም "ዘሕፍርን ዘሕዝን ፍጻሜ እኮ ኢዩ። ሻዕብያ ስጋብ ክንደይ ሓይሊ ደሊቡ መጺኡ ኢዩ! ኣብ ዉሽጢ ናይ ሓደ መዓልቲ ኩናት! ስጋብ ክንዲ'ዚ ብዝሒ ዓወታት ሓፊሱ!።''

እቶም ጄነራል ድሕሪ ቁሩብ ምስትንታን፡ “በል። ሻዕብያ መጥቃዕቲ ኣብ ከተማ ምጽዋዕ ክገብር ስለ ዝኽእል። እቲ ግቡእ ጥንቃቔን ምክልኻልን ክግበር ይግባእ፡ ኣብ እዚ እዋን እዚ።” ኢሎም ርእይቶ ዝመስል ትእዛዝ ሃብዎ፡ ነቲ ሻለቃ ሓበሬታ ወሃቢ።

እቲ ሻለቃ ኣቕባሊ ሓበሬታ ግን እቲ ዝተዋሃቦ ትእዛዝ ኣብ ክንዲ ‘’እሺ-ጎይታይ’’ ኢሉ፡ከምቲ ልሙድ ነቲ ትእዛዝ ተቐቢሉ ዘተግብር ብኣንጻር እዚ “እዚ ኩናት’ዚ በዚ ዘለዎ ናህሪ እንተ ቀጺሉ.....ወደብ ምጽዋዕ ጥራሕ ዘይኮነት’ሲ ከተማ ኣስመራ እዉን ኣብ ሓደጋ ኢያ ዘላ።እቲ ኣብ ሬድዮ ‘ድምጺ-ሓፋሽ ሓርነት ኤርትራ’ ንሰምዖ ዘለና ዜና ከም ዝሕብሮ። ሻዕብያ ኣብ ወደብ ምጽዋዕን ኣብ ከተማ ከረንን ሰፊሕ መጥቃዕታዊ ኩናት ከፊቶም ከምዘለዉን። ኣብ መጥቃዕቲ ኩናት ምጽዋዕ ከኣ ብዙሕ ዓወታት ሓፊሶም ከም ዘለዉን ተቢዖም ብነብሰ-ምትእምማን ኢዮም ዝዛረብሉ ዘለዉ። ” በሎም ተቢዑ ብድፍረት ንጀነራል ተሾመ።

ጄነራል ተሾመ ወላ እኳ እዚ ምስ ሰምዑ ዉሽጦም ብጓሂ ከም ዝሓረረ፡ እቲ ብቕጽበት ቀይሕ ጉዕ-በርበረ ዝመሰለ ገጾም እሕብር እንተ ነበረ።እሶም ግን ልቢ ኣዕብዮም ሞራል ክህብዎ ነቲ ወታህደር ሃቂኖም! ድዮም! ወላስ ብሓቂ ቅልጽሞም ተኣማሚኖም! እንድዒ..............

“በጃካ ኣይትረበሽ።ሻዕብያ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ኩነታት እንተ ኮነ እዉን፡ ወደብ ምጽዋዕን፣ ከተማ ኣስመራን፣ ኣሽንኳይ’ዶ ኣብ ኢድ ቁጽጽሩ ከእትወን’ሲ ኣማዕድዩ እዉን ክርእየን ኣይክእልን ኢዩ። ኣነ ሕጂ ኣኬባ ክኣቱ ስለ ዝኮንኩ፡ ኽሰናበተካ ኢየ።እቲ ልዕሊ ኹሉ ነገር ክትዝክሮ ዝደልየካ ነገር እንተ ሃልዩ ግን፡ ናትና ሰራዊት እዉን ብረት ምስ እኹል ጠያይቲ ዓጢቆም ከም ዘለዉ ኢየ። ዘራፍ በል። ኣጆካ ኣንበሳ።ኣይትደሃል።’’ ኢሎም።ኣተባቢዕም ተሰናበትዎ።

ይቕጽል.......

❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇




- ጄነራል ተሾመ ኣብ እቲ መአከቢ ኣዳራሽ ‘’ሰልፊ ኢሰፓ’’ ናይቲ ክፍለ ሰራዊት ክኣትዉ ከለዉ ኣኬበኛታት በቦታኦም ሒዞም ኢዮም ጸኒሖሞም። እቶም ኣኼበኛታት ሰብ ማዕርግ በዓል ጵሩራ ጄነራላትን፣ ላዕለዎት ሓለፍቲ ምሕደራ መኮንናትን፣ ከሙኡ’ዉን እቲ ጉዳይ ዝምልከቶም ታሕተዎት ሓለፍቲ ኢዮም ኔሮም። ማለት ናይቲ ክፍለ ጦር ዘመቲ (ዘማች) ፣ ናይ ጎስጓስን ሓበሬታን፣ ናይ መጓዓዝያን፣ ናይ ፖለቲካን፣ ናይ ምሕደራን፣ ናይ ፍሉይ ጉዳያትን፣ ንኣሽቱ ሓለፍቲ ኢዮም ኔሮም።

ኣብቲ ኣኬባ ናይ ሻድሻይ ክፍለ ጦር ስታፍ መኮንናትን፣ ናይ ሳልሳይ ሜካናይዝድ ክፍለ ጦር ኣዘዝቲን ተረኺቦም ኔሮም። ከሙኡ’ዉን ብርጌደር ጄነራል ጥላሁን ክፍሌንን፣ ብርጌደር ጄነራል ዓሊ ሓጂን ኣብ መድረኽ ናይቲ ኣዳራሽ ኮፍ ኢሎም ነበሩ። ኣብ ማእከሎም ሓንቲ ነጻ ወንበር ኔራ። እታ ወንበር እቲኣ ጄነራል ተሾመ ክነብሩላ ዝተዳለወት ኢያ ኔራ። እቶም ጄነራል ተሾመ ኣብቲ ዝተዳለወሎም ወንበር ምስ ነበሩ ኣኼባ ተጀመረ።

※※※※※

እቲ ኣኼባ ኣብ 09/02/1990 ዓመተ ምሕረት ብኣቆጻጽራ ፈረንጂ፥ ልክዕ ሰዓት ሽዉዓተ ምሸት ኢዩ ኣሃዱ ኢሉ ፈሊሙ።

※※※※※

እቲ ኣኼባ ጄነራል ጥላሁን ከምዚ ኢሎም ጀመርዎ "እዚ ንኤርትራ ክንጽል ካብ ዓባይ ኣዲኣ ኢትዮጵያ ህርድግ ዝብል ዘሎ ናይ ሸፋቱ ምትእኽካብ ''ሻዕብያ'' ኢሉ ሽሙ ዘጠመቐ ጸቢብ ጉጅለ፡ ትማሊ እቲ ዘለዎ ሓይሊ ኩሉ ጠርኒፉ ኣብ ልዕሊ ግንባር ሰሎሙና ዝርከብ ሰራዊትና በርቃዊ መጥቃዕቲ ኩናት ከፊቱ ግንባር ሰሎሙና ሙሉእ ብሙሉእ ተቆጻጺሩ ከብቅዕ፡ ሎሚ መዓልቲ ቀጻሊ መጥቃዕቲ ብምስዓብ ነቲ ኣብ ጋሕቴላይ ዝርከብ ጎሮሮ ካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊትና ዝኾነ መስመር ኣስመራ ባጽዕ ጸሊም ጽርግያ ተቆጻጺሩ፡ ሽግር መጎዓዝያ ፈጢሩልና ኣሎ።ኣብ ርእሲ እዚ'ዉን ኣብ ሞንጎ ሻዕብያን ኣብዮታዊ ሰራዊትናን ኣብ ደንጎሎን፥ ሓይለትን፥ ዉቕሮን፥ኢባርምን፥ዶግዓልን፥ ኮታ ኣብ መላእ ኣዉራጃ ''ሰምሃር'' ሓያል ኩናት ናይ ምርብራብ የካየድ ከም ዘሎ ክሕብረኩም እደሊ።

ሻዕብያ ''ዘተ ሰላም" ሽቂጥሉ ኢዩ። ኣብዮታዊ መንግስትና ''ሕቶ ኤርትራ ብሰላማዊ መገዲ ክፈትሖ ኢየ።'' ኢሉ ካብ ግንቦት 1989 ዓመተ ምሕረት ፈረንጂ ጀሚሩ ኩሉ ዝከኣሎ ጌሩ ኢዩ። ክልተ ግዜ መልእክተኛታት ኣብዮታዊ መንግስቲ ናብ ከተማ ናይሮቢን፥ ናብ ከተማ ኣትላንታን(ጆርጂያ) ልኢኹ ኢዩ። ግን እዚ ኩሉ ጻዕርን ዓቅልን መንግስትና ሰላም ኣየምጽአን። ብሰሪ እቶም መልእኽተኛታት ሻዕብያ ዝፈጠርዎ ሕልኽላኻትን መሰናኽላትን እቲ ''ዘተ ሰላም" ናብ ካልእ ዝመጽእ ግዜ ኢዩ ተሰጋጊሩ። ሎሚ ድማ እንሆ ሻዕብያ እቲ ዓቢ ተስፋ ዝተነብረሉ መድረኽ ''ዘተ ሰላም'' ረጊጹ ካብ ኣፍዓበት ነቒሉ ንወደብ ምጽዋዕ ክቆጻጸር ሰፊሕ መጥቃዕታዊ ኩናት ከፊቱ ኣሎ። ስለዚ ንሕና እዉን እቲ ዘለናን ዘይብልናን ዓቕሚ ጠርኒፍና፡ ሓድሽ ቅዲ ጸረ-መጥቃዕቲ ወጢንና ብከመይ ክንምክቶ ከም እንኽእል ነዚ መጥቃዕቲ ሻዕብያ ንምዝታይ ኢና ሎሚ መዓልቲ ኣብዚ ተኣኪብና ዘለና። ስለዚ ኹሉ ኣኬበኛ ብትብዓት ሓሳባቱ ክልግስ እላቦ ። '' ኢሎም መደር'ኦም ዘዘሙ።

※※※※※

ጄነራል ተሾመ መደረ ጄነራል ጥላሁን ኣየሔገሶምን፡ ''ሰርገኛ መጣ በርበሬ ቀንጥሱ'' ኢዩ በሉ ብልቦም። እዛ ምስላ ካብ ቋንቋ ኣምሓርኛ ቐጥታ ናብ ቋንቋ ትግርኛ ክትርጎም ከላ '' ወራዶ መርዓ መጺኦም ኣለዉ እሞ፡ ቀልጥፉ በርበረ ኣጥሕና'' ኢያ ተስምዕ።

ስለዚ ጄነራል ተሾመ ''ሻዕብያ ኣብ ኣፍንጫና ዓሪዱ ከሎ፥።ንሕና ሕጂ ሓድሽ ቕዲ ኩናት ሓንጺጽና ኣብ ኣተገባብሩኡ ንዘቲ ምባል የዋህነት ኢዩ። ካብ ኣብዚ ኣርእስቲ'ዚ ክንዝቲ ተኣኪብና ግዜና ኣብ ኮንቱ ነጥፍእ፥ ኹሉ ዓቅምና ኣወሃሂድና መጥቃዕቲ ሻዕብያ ክንምክት ይምረጽ። ጄነራል ሑሴን ክልተ ክፍለ ጦር ዝረድኡና ከም ዝልእከልና ሓቢሩኒ

ኣሎ። ስለዚ ሕጂ ንሕና ኣበርቲዕና ክንምክትን፡ ኪኖ መከተ እዉን ዳግማይ ዉዳቤታት ጌርና ጾረ-መጥቃዕቲ ክንገብር ኢዩ ዝግበኣና።

ሻዕብያ ብድንገት ኣብ ዘይገመትናዮ ግዜን ቦታን መጥቃዕቲ ከፊቱ ሓደጋ ስለ ዝወደቀና ተዓዊትልና ኢዩ። ኣብ ዉሽጢ 18 ሰዓታት ዘይመልእ ግዜ ግንባር ሰሎሙና፥ ሓይሌት(ጋሕቴላይ)፥ ደንጎሎ ላዕላይ፥ ደንጎሎ ታሕታይን ተቆጻጺርዎ ኣሎ። እቲ ኩናት ኣብዚ ኣየብቅዐን። ነቲ ጎሮሮ ካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊትና ዝኮነ ኣብ ጋሕቴላይ ዝርከብ፡ጸሊም ጽርግያ መስመር ኣስመራ ባጽዕ ተከቲሉ፡ ናብ ሸነኽ ወደብ ባጽዕ፡ እቲ ኩናት ይላባዕ ኢዩ ዘሎ። ድሮ እዉን ዶግዓሊ ቀሪቡ ኣሎ። እዚ ከይኣክል ሎሚ ምሸት ሻዕብያ ብሸነኽ ሰሜን ካብ ምጽዋዕ ኣብ ደንደስ ቀይሕ ባሕሪ ዝርከባ ዓድታት፥ ኣብ ባዓል ሻዕቢ፥ ዉቕሮ፥ ኢምበራም ዘሎ ኣብ ዕርድታት ኣብዮታዊ ሰራዊትና ሰፊሕ መጥቃዕታዊ ኩናት ከፊቱ ኣሎ። እዚ ኩናት'ዚ ብዘመናዊ ሜካናይዝድ፡ብዘመናዊ ከበድቲ ብረታት ዝዓጠቑ ኣባላት ሻዕብያ፥ እኹል ታዕሊምን ልምምድን ዝገበሩ ንኹናት ድሉዋት ኣጋር ሰራዊት ሻዕብያ ዘሳተፈ ኢዩ።

ኣብዚ ናይ ሕጂ ኩናት ገምጋም ኣብ ጸብለልነትን ዓብላልነትን ኣብ ዕጥቂ ብረታትን ፥ ኣብ ናይ ተኹሲ ዓቕሚን። ኣብ ሞንጎ ሻዕብያን፡ ኣብ ሞንጎ ኣብዮታዊ ሰራዊትናን እንተንገብር ኣገዳሲ እዩ። ኣብዮታዊ ሰራዊትና ጸብለል ዝብለሉ እንኮ ካብ ሻዕብያ በጀካ ተዋጋእቲ ነፈርቲ ምዉናኑ እንተ ዘይኮይኑ'ዩ እምበር፡ ኣብ ሜካናይዝድ ብርጌድ ከበድቲ ብረታትን፡ ኣብ ዕጥቂ ኣጋር ሰራዊትን፡ ክንዲ ኽንቲት ዝምዘን ፍልልይ የብልናን ።

ብግምጣል እዚ።ብቕዓትን ዉሕልለንት ንኣጋር ሰራዊትን ንሜካናይዝድ ብርጌድ ከቢድ ብረትን ኣወሃሂድካ ምምራሕ እንተ ኣወዳዲረዮ። ይቕሬታ ግበሩለይ ብጾት። ክእለት መራሕቲ ሻዕብያ ጸብለል እብል ካብ ናትና ክእለት።

ግን ኣነ ካብ እዚ ኣልዒልናዮ ዘለና ኣርእስቲ ወጽአ፡ ነቲ ናይ ዓሰርተታት ዓመታት ተሞክሮ ኩናት ምስ ሻዕብያ ዘኪረ ክዛረብ እንተ ኾይነ................

እዚ ናይ ሕጂ ኩናት ብዓቕሚ ሻዕብያ ክፍጸም ዘይክእል ተኣምራት ኢዩ ። ዋላ'ኳ ሕጂ ኣነ ዝኾነ መረጋገጺ መርትዖ ሒዘ ርግጸኛ ኮይነ ክዛረበሉ እንተ ዘይኽኣልኩ፡ ኣብዚ ኩናት እዚ ብቐጥታ ወይ ብኢደዙር፡ ኢድ መንግስቲ ግብጽን፥ሱዳንን፥ ልብያን ከም ዘሎ ነብሰይ እነግረኒ ኣሎ። ከም እቲ ''ሓቂ ብርእሳ እንተ ቐበርካ'ያ፡ ብእግራ ኢያ ትወጽእ'' ዝባሃል ። እቲ ሕጂ ሕንቅል-ሕንቅሊተይ ኮይኑኒ ዘሎ ምስጢር ዓወት ናይ ሻዕብያ። ኣነ ጽባሕ ንግሆ ብሂወተይ እንተ ጸኒሐ ነቲ ሓቁ ክፈልጦ ኢየ። '' ኢሎም ሓሳባቶም ሃቡ።

❈❈❈❈❈

ድሕሪ ጄነራል ተሾመ ዉልቃዊ ርእይቶ'ኦም ብንጹር ምቕማጦም ። ሻለቃ ሮሪሳ ዳዲ ዝተባህሉ መኮነን ተወሰኺ ''መራጎዲ'' ኣብ ርእይቶ ጄነራል ተሾመ ከም ዘለዎም ስለ ዝሓበሩ። ጄነራል ጥላሁን ክዛረቡ ዕድል ሃብዎም።

ሻለቃ ሮሪሳ ናይ ሻድሻይ ክፍለ-ጦር ''ክፍሊ ፖለቲካዊ ምንቕቓሕ'' ዋና ሓላፊ ኢዮም። ሻለቃ ሮሪሳ ቁመቶም ማእከላይ ፥ ሚዛን ሰብነቶም ካብ 70 ኪሎ ግራም ዘይበዝሕ፥ ሕብሮም ከደራይ፥ ባህርያቶም ህዱእ፡ ቆጢቦም ዘዕልሉ ጥንቁቕ ሰብ ኢዮም።

ሻለቃ ሮሪሳ '' ብጻይ! ኩቡር ጄነራል ተሾመ እቲ ኽባሃል ዝግብኦ ኩሉ ኢሎሞ እዮም። ኣነ ነቲ ርእይቶ'ኦም ከራግዶሎም ጥራሕ ኢለ'የ ክዛረብ እምበር ሓድሽ ሓሳብ ዝልግሶ የብለይን።'' ኢሎም መደረ ጀመሩ።

ኣብዛ ካልኢት እዚኣ ኣብዮታዊ ሰራዊትና ናይ ሞትን-ሂወትን ኩናት ኢድ-ብኢድ ምስ ሻዕብያ ገጢሙ እራባረብ ፥እወድቕ፥ የውድቕ ኣሎ። እቲ ህልዉ ኩነታትና ከምዚ ኮይኑ ዘሎ ድማ፥ ሕጂ ንሕና(ኣብዮታዊ ሰራዊትና) እቲ ኩሉ ኣለና እንብሎ ዓቅሚ ጠርኒፍና። ኣብ ቅድሚት ኣብ ግንባር ዓውደ ኩናት ክንስለፍ ኣለና። ንሕና ዝከፈልና ከፊልና ሻዕብያ ናብ ኣኽራናት ሳሕል ክንመልሶ ኣለና። እወ! ለብዘበን እዉን ከምቲ ናይ ትማል፡ ንሻዕብያ ኣሕፊርናን ኣዋሪድናን ንድሕሪት ክንመልሶ ኣለና።'' ኢሉ መደሩኡ ብወኒ ጀመረ።

ሻለቃ ሮሪሳ ኣስዒቡ ''ሻዕብያ ወደብ ምጽዋዕ ክቆጻጸር ይኳየይ ኢዩ ዘሎ። ነቲ ካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊትና ጎሮሮኡ ዓጽዩ ብጥምየትን ጽምእን ከማህምሞን፥ከማስኖንን፥ ከዳኽሞንን ሃቂኑ'ዩ ዘሎ፡ ስለዚ ኣገዳስነት ስዕረትን ዓወትን ኣብ እዚ ኩናት እዚ ልዑል ኢዩ። ንሕና ኩሉ ተጻዊርና ናይ ግድን ስዒርና ክንወጽእ ኣለና።ብፍላይ ድማ ንሕና ሓለፍቲ ኣካላት ኣባላት ኢሰፓ ስለ ዝኾና፡ እቲ መሪሕነት ሰልፊ ዘሰከመና ሓደራ ስጋብ እታ መጨረሽታ ካልኢት ትንፋስና ከነተግብሮን ከነኽብሮን ኣለና።'' በለ ብቑጥዐ።

※※※※

እቶም ድሕሪኡ ርእይቶ ዝሃቡ ራብዓይ መኮነን፡ ሻለቃ ሃይሉ ኣየለ ኢዮም ዝባሃሉ ኔሮም። እሶም ዋና ሓላፊ ''ጨንፈር መዳዓዝያ'' ሻድሻይ ነበልባል ኣብዮታዊ ሰራዊት ኢዮም ኔሮም።
ሻለቃ ሃይሉ ኣየለ ኣብ ኣውራጃ ሰምሃር ተመዲቦም ንመንግስትን ህዝብን ንብዙሕ ዓመታት ዘገልገሉ እሙን ኢትዮጵያዊ ዜጋ ኢዮም ኔሮም። እሶም ካብ ምክትል ሓላቓ ሚእቲ ጀሚርካ ስጋብ ማዕርግ ሻለቃ'ነት ዘሎ መሰናኽል ኣብ ኣውራጃ ሰምሃር ኮይኖም ኢዮም እንዳ ወደቑን እንዳ ተንስኡን ሓሊፎም፡ ኣብዚ ሕጂ ዘለዉዎ ማዕረግ ሓኺሮም። ሻለቓ ሃይሉ ኣየለ ርጉእን ህዱእን ሰብ እዮም።

ሻለቃ ሃይሉ ‘’ ንሙኳኑ ! ሻዕብያ ካብ መዓስ ግዜ ጀሚሩ ኢዩ! ክንዲ'ዚ ‘መጠነ-ሰፊሕ’ መጥቃዕታዊ ኩናት ኣብ ልዕሊ ዕርድታት ኣብዮታዊ ሰራዊትና ዝኸፈተ! ከመይ ኢሉ’ዩ ኸ ሻዕብያ ኣብ ዉሽጢ’ዚ ሓጺር ግዜ እዚ ዓበይቲ ዓወታት ከመዝግብ ዝኽኣለ ! ዝገርምንን ዘስደምምን እኮ ኢዩ።

ሕጂ እቲ ዝኾነ ኮይኑ እንድዩ። ኣነ ንድሕሪት ተመሊሰ ዉልቀ ሰባት ክወቅስን ክኸስስን ኣይደልን ኢየ። ግን ሕጂ ነዚ ኣኼበኛ ክላበዎን ክማሕጸኖን ዝደሊ ነገር እንተ'ሎ።እቲ ዝተኸፍለ ሂወት ይከፈል እንበር ወደባዊት ከተማ ባጽዕ በፍጹም ኣብ ኢድ ቁጽጽር ሻዕብያ ክትኣቱ ከነፍቅድ የብልናን።

ኣነ። ሻዕብያ ትንፋሰይ ኣሕሊፎም ሬሳይ ረጊጾም እምበር ብሂወተይ ከለኹ ባጽዕ ክረግጽዋ ሕልናይ ኣየፍቕደለይን ኢዩ። እስኹም እዉን ከምዚ ከማይ ሕልናኹም ዘፍቅደልኩም ኣይመስለንን ኢዩ። ስለዚ ነብሲ-ወከፍና ወላ እዉን ኣብ ትሕቲ እቲ ዝሓመቐ ኩነታት እንተ ኾነ ሓደ ክልተ ኣባላት ሻዕብያ ቀቲልና ብኽብሪ ክንስዋእ ን’ነብስና ከነዳልዋ ይግባእ። ሰብ እኳ ትንዋሕ ትሕጸር መዓስ ከም ሙኳና መጨረሽታ ዕምሩ’ዩ ዘይፈልጥ’ምበር ሓንቲ ምዓልቲ ክመዉት ሙኳኑ እኮ ይፈልጥ ኢዩ። ሞት ካኣ ንኹሉ ፍጡር እዛ ምድሪ ዘይትምሕር ዕጫ ተፈጥሮ ኢያ። ስለዚ ሞት ብሞቱ ብጅግንነት ንሙት። ምእንቲ ንዘልኣለም ኣብ ታሪኽ ዓባይ ኢትዮጵያ ብጅግንነት እንዳ ተዘከርና ክንነብር።

ስለዚ ኣነ ካብዛ ካልኢት እዚኣ ብፍቓደይ ካብ ኣብ ድሕሪት ዉሑስ ቦታ መኤዘዚ ቦታ ሓላፊ ኮይነ ዝሰርሕ፡ ሓላፊ ሓንቲ ‘’ጋንታ’’ ኮይነ፡ ኣብ ግንባር ድፋዓት ኣብ ደንደስ ቀይሕ ባሕሪ ፡ሓደ ክልተ ሻዕብያ ኣውዲቐ ብጅግንነት ክስዋእ መሪጸ ኣለኩ። ሓደራ ኹሉና ቤት ጽሕፈትና ዓጺና ኣብ ቅድመ ግንባር ኩናት ናብ ድፋዓት ንዉረድ። እዚ ኢዩ ኣነ እቲ ሕጂ ዘሎኒ ርእይቶ።’’ በሉ ንብዓቶም ብመንዲል ካብ ምዕጉርቶም እንዳ ጸረጉ።

መደረ እዞም መኮነን ነቶም ኣኬበኛታት ካብ ዓሚቕ ድቃሶም ኢዩ ኣበራቢሩዎም። እዚ መደረ ሻለቃ ሃይሉ ስምዒት'ቶም ኩሎም ኣኬበኛታት ከባቢ 40 ሰባት ዝኮኑ መኮንናት ኣቀራሪብዎ ኢዩ። ኣብ ገጽ'ቶም መኮንናት ስምዒት ስንባደን ፍርሕን ራዕድን ከኣ ፈጢሩ።

※※※※※

እቶም ሓምሻይ ርእይቶ ዝሃቡ መኮነን፡ ኣዛዚ ሳልሳይ መካናይዝድ ክፍለጦር ብርጌደር ጄነራል ዓሊ ሓጂ ኢዮም ኔሮም። ብርጌደር ጀነራል ዓሊ ሓጂ ሕብሪ ገጾም ቀይሕ፡ ቁመቶም ማእከላይ፡ ህድእ ኢሎም ዝዛረቡ ሰብ ኢዮም ኔሮም። እቶም ጄነራል ኣብቲ ኣኼባ ሓጺር መደረ እዮም ኣስሚዖም።

‘’ሻዕብያ ኣሎኒ ዝብሎ ሓይሉ ኣኻኺቡ ነቲ ኣብ ኣውራጃ ሰምሃር ዘሎ ኣብዮታዊ ሰራዊትና ደምሲሱ፡ንወደባዊት ከተማ ባጽዕ ክቆጻጸር ኢዩ ዓጢቑ መጽኡ ዘሎ። እዛ መሬት ዝወለደት ክትወልድ ኢያ እንበር እዚ ሕልሚ ሻዕብያ ጋህዲ ኣይኽከዉንን ኢዩ። ዋላ እዉን እቲ ሕጂ ጨቢጥዎ ዘሎ ዓወታት እንተ ኾነ ግዝያዊ ዓወት ኢዩ። ጽባሕ ንግሆ ኣዋሪድናን ኣሕፊርናን ኣብቲ ትማል ዝነበሮ ኣኽራናት ሳሕል ክንመልሶ ኢና።’’ ጥራሕ ኢዮም ዝበሉ።

እቶም ጀነራል እዚ ይበሉ እንበር እቲ ሓቂ ኣብ ባይታ ዘሎ ኩነታት’ሲ፡ እቶም እሶም ዝመርሕዎም ሳልሳይ ሜካናይዝድ ክፍለ ጦር ክልተ ብርጌዳት ኣብቲ ትማል ኣብ ጋሕቴላይ ዝነበረ ኩናት ምስ ሻዕብያ ተካፊሎም ስዕረቶም ተቐቢሎም፡ ከም ደቂ ዛግራ ፋሕ-ጭንግራሕ ኢሎም ኣብ ፈኞዶ ስንጭሮታትን ታባታትን ተበታቲኖም ኢዮም።

❊❊❊❊❊

እቲ ኣኼባ በዚ መልክዕ’ዚ ድሕሪ ቁሩብ ምቕጻሉ ብመደረ ጀነራል ጥላሁን ተዛዘመ። ጀነራል ጥላሁን ‘’ሕጂ እዚ ኣኼባ ክንዛዝሞ ኣለና።ግዜ የብልናን ንዘተ ዝኸዉን:ኩልና ነናብ ቦታና ተመሊሲና ኣበርቲዕና ንመክት።’’ ኢሎም ነቶም ኣኬበኞታት ኣፋነዉዎም።

❊❊❊❊❊

እቶም ኣኬበኞታት ኩሎም ብሓሳብ ተዋሒጦም በቲ ወሪዱ ዘሎ ሓደጋ ምስ ነብሶም ዘዕልሉ ዝነበሩ ኢዮም ዝመስሉ ኔሮም። ኣብ ገጽ መብዛሕትኦም ምልክት ተስፋ ምቑራጽ ይርኤ ኔሩ። ኣብ ከምዚ ዝመስል ህሞት ከለዉ ኢዮም፡ መጀመርያ እቶም ሰለስተ ጀነራላት፡ ስዒቦም ካኣ እቶም ኣኬበኞታት ካብቲ ኣዳራሽ ወጺኦም ነናብ ቦታኦም ዝተመልሱ።

ይቕጽል……

❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊